# ሓበሬታ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ንዑቑባ ዝሓተቱ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦምን ኣብ ኖርወይ ወለዲ ዘይብሎም ቈልዑን

**ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ቃለመሕተት ዝካየደሉን መልሲ ዝወሃቦን መን'ዩ፧**

## ሶርያ

ክሳብ ዝኾነ ዝኾውን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ሕቶ ንጉዳያት ዑቑባነት ዜጋታት ሶርያውያን ዜጋ ኣልቦ ዝኾኑ ሶርያውያንን ከይተራእዩን ከይተወሰኑን ክጸንሑ ኢዮም። ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ተመሳሳሊ ውሳኔ ኣሕሊፈን ኣለዋ።

ኩነታት ሶርያ ጌና ኣይነጸርን ኢዩ ኣሎ፡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDIን ግና ነቲ ኩነታት ብጥብቂ ይከታተሎ ኣሎ። እቶም ጉዳያት ዳጋም ክንርእዮምን ክንውስኖምን ግዚኦም ምስ ኣኸለ ተወሳኺ ሓበሬታ ሒዝና ክንምለሰኩም ኢና።

ኩሎም እቶም ዑቕባ ዝሓተቱ መልሲ ጉዳዮም ክወሃቦም ኢዩ።

## ኡክሬይን

ኩሎም ኡክሬናውያን ብስም ኡክሬናውያን ብጃምላዊ ዑቑባነት ዝወሃቦም ኣይኮኑን። ካብ ብዓይኒ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDIን ውሑሳን ተባሂሎም ዝቑጸሩ ቦታታት ንዝመጹ ሓተቲ ዑቑባ ጉዳይ ሕቶ ዑቑባነቶም በብውልቂ ኢዩ ክርአ። እዚ ነቶም ንበይኖም ዝመጽኡ ሓተቲ ዑቑባ ትሕቲ ዕድመ እውን ዝምልከት ኢዩ። ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኣብ ወልቀ-ጉዳያት ሓተቲ ዑቑባ ትሕቲ ዕድመ ኡክሬናውያን ቃለ-መሕተት ከካይዱን ውሳኔ ከሕልፉን ጀሚሮም ኣለው።

**እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ብጀካ ንሶርያ ንኩለን ካልኦት ሃገራት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ይኾኑ፡**

ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብዞም ዝስዕቡ ክንጸምድ ኢና፡

- ነቶም ድሮ ቃለመሕተት ኣካዪድናሎም ዘለና መልሲ መልሲ ጉዳዮም ክንህቦም ኢና።
- ነቶም ኣብተን ሰለስተ መወዳእታ ኣዋርሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝመጽኡ ቃለመሕተት ከነካይደሎም ኢና፡ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያዶም ከኣ መልሲ ጉዳዮም ኣብ ምሃብ ክንጸምድ ኢና።

**ስለምንታይ ኢዮም ገሊኦም መልሲ ጉዳዮም ቅድመይ ዝወሃቦም፧**

ኣብ መልሲ ምሃብ ነቶም ዝነውሐ ዝተጸበዩ ኢና ብቐዳምነት ንሰርዖም። ናይ ገሊኦም ጉዳያት ግና፡ ካብ ናይ ካልኦት ጉዳያት ቃለመሕተት ንከነካይደሎምን ጉዳዮም ርኢና መልሲ ንክንህቦምን ዝያዳ ግዜ ዝወስደልና ኣሎ። ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ

ዝበለ ወላ ተጸበ ድኣ'ምበር፡ ጉዳይካ ተረሲዑ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ሓደ ጉዳይ ንክረአን ክውሰንን ግዜ ክወስደሉ ዝኽእል ምኽንያታት ከምዝም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡

- እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንጉዳይካ ዝያዳ ክነጸርዮ ኣድሊዩና፡ ኣጻሪና ወዲና ክሳብ መልሲ ንህበካ ግዜ ክበልዓልና ይኽእል ኢዩ።
- እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይካ ብካልእ ሃገረ-ደብሊን ክረአን ክውሰንን ኣለዎ ክብል ገምጊምዎ፡ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምናልባሽ ቃለመሕተት ንከተካይድ ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ክትጽበ ትግደድ ትኾውን ኢኻ።

ቃለመሕተት ዘየካየድካሉ ወይ እውን መልሲ ዘይተዋሃብካሉ ካልእ ምኽንያታት ኰይኑ፡ ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት እንታይ ከም ምዃኑ ብዝብል ንጠበቓኻ ንሕብሮ ኢና።

ነዊሕ ክትጽበ ከቢድ ከም ምዃኑ ዘይርድኣና ኣይኮነን፡ ኩሎም እንርእዮም ጉዳያት ሕቶ ዑቕባነት፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ዝቐልጠፈ ንምስላጥ ኣበርቲዕና ኢና ንጽዕር።

ጉዳይየ መዓስ ኢዩ ዝውዳእ ኢልካ ንክትሓትት ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ። መልሲ ጉዳይካ ንጠበቓኻ ኢና ንሰዶ።

## ግጼ ትጽቢት ንምሕጻር ብወገነይ ክገብሮ ዘድልየኒ እንታይ'ሎ፤

### ዘለካ ሰነዳት መንነት ኣብ ዝቐልጠፈ ከም ዝበጽሓና ብዕቱብ ጽዓር

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ። ሰነዳትካ ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ። ነቶም ዘለውኻ ሰነዳት ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል ኢዩ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ ናብቲ እተካይዶ ቃለመሕተት ክትማልኦ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትሰዶም ትኽእል ኢኻ፡ Utlendingsdirektoratet (UDI), Postboks 2098 Vika, 0125 Oslo። እትሰደልና ሰነዳትካ ብቝጽሪ-DUFካ ኣመልክተሎም። ነዚ ንምስላጥ ወኪልካ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

# ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 1 መጋቢት 2025 ዝምልከቱ'ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንዕለት 1 ሚያዝያ 2025 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ክሕደስ'ዩ።